# ክወግሕ ዩ

ክወግሕዩ እቲ ለይቲ ክቅንጠጥቲ ጸማት
መረት ከንጸባርቅ ቀጠልያ ሕብሪ ልማዓት
ያአክል ዝሓለፈ ናይ ጭቆና ስራዓት
ሓባሲ ክረክብ ናይ ህዝብና ንባዓት

ኧዕዋፍ እናዘመራ ክወፍራ ናብ መሮር
ወሓዚ ማያት ሩባሩባ ክሰራሰር
ባህሪያዊ ቡቅሊ ዕንባባ ከዝፈርፍር
ክሕጎስ ህዝብና ናብ ድልየቱ ክዋፈር

ሓረስታይ ግራቱ ክኹስኩስ
ሰላም ሰፊኑ ምህርቱ ክሓፍስ
መረት ዓደቦ ብዘይፍርሓት ክመላለስ
ገባር እከይ ይተዓገስ
ኩሉ ናብ ንብሩ ክምለስ

ያአክል ጭቆና ያአክል ዓፈና
መረቱ ተፊጉ ህዝብና
ትም ኢልና ክንሪኢ ክውረር ጉና
ካንዶ ተጸንቂቃ ሓቦ ተሳኢና

የብቀዕ እቲ ስደት እዚ ኩሉ ውርደት
ላዕልን ታሕትን ምባል ይዛዘም እቲ ከርተት
ስራዓት ገበነኝ ዋሕሱ ከዕገት

ነባሪ ኣይኮነን ኲሉ ጊዝየ ባዓል ሽመት

ክወግሕዩ መረት ክምለስ ዝኾብለለ

ውላዱ ክለኽ ኣረጊት ሽማግለ

ካብ ዓድኻ ወጼእካ ሰፊርካ ኣብ ማዕዶ

ሑጻ ምድረበዳ ኣሰር ሰብ ዘይከዶ

መነእሰይ ተዋሪድካ ከላእ ትዋረዶ

እንታይ እሞ ይግበር ወሪዱካ ጋዶ

እዚስ ሕልሚ እምበር ኣይበሃልን ግህዶ

ሎምስ ክወግሕዩ መረት ክብል በርሃው

ዝተዓጽወ ማዕጾ ክኽፈት ክረሓው

እቲ ክፎእ ዓማጺ ካብሱሩ ክመሓው

ጸሓይ ህዝቢ ክበርቅ

ሕነ ብኻት ክስሕቅ

ዲክታቶር ከይረክብ ዕድል

ሓድነት ህዝቢ ይደልድል

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና

ቅሳነትን ሓርነትን ንህዝብና

ልማዓትን መዕባለን ንሃገርና

ጆርጆ ሃብተ ሳንሆዘ

ካሊፎርኒያ.